ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

24 መጋቢት 2016 ግዕዝ
2 april 2024
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-475

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ዓመታዊ ክብረ በዓል ጥንተ ስቅለት ናይ መ/ዓለምን፡ እዋናዊ ሓበሬታ ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለምን ብዝምልከት፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡
መንፈሳዊ ሰላምታና ነቓድመልኩም። ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ስራሓትኩም ከኣ ጽቡቕ ኣሳልጦ ንምነየልኩም።

ሰላመ እግዚኣብሔር ምሳኹም ይኹን ዓፅይንተ እግዚኣብሔር ኣቦታት ካህናት፡ ኣሓው ዲያቆናት፡ መዘምራን፡ ኣቦታት፡ ኣዴታት፡ ኣሕዋት፡ ኣሓት፡ ከምኡ'ውን ሕጻናት። ልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽና ክሳብ'ዛ ሰዓት እዚኣ ብሰላም ክንጸንሕ ዝፈቐደልናን ዘብጽሓናን፡ ክብሪን ምስጋናን ይኹኖ እንዳበልና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ከም'ቲ ልሙድ ክብረ በዓል *ጥንተ ስቕለት ናይ መ/ዓለም* ኣብ ደብረ ሰላም መድሓኔ ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ዕለታት ከነብዕል መዲብና ከም ዘሎናን መርሓ ግብር'ውን ልኢኽናልኩም ከም ዝነበርና ዝዝከር ኢዩ፥
**ጽባሕ ዓርቢ 5 ሚያዝያ 2024 ዓምፈ (27 መጋቢት 2016 ግዕዝ ካብ ሰዓት 17:00 ((ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ) ንጅምር፡ ክሳብ ቀዳም 6 ሚያዝያ 2024 ዓምፈ (28 መጋቢት 2016 ግዕዝ፡ ሰዓት 16:00 ((ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ንዓጹ።)**
በዓልና ብዘይ በኣኹም፡ (ብዘይ ኩሎም ምእመናንን ምእመናትን)፡ ስለ ዘይምዕርግ፡ መጺእኩም ከተማዕርጉናን ተሳተፍቲ ናይ'ዚ በረኸት ክትኮኑን ዕድሜና ዳግም ብኽብሪ እንዳ ኣዘኻኸርና፣ ኣሰዒብና እውን ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ብሰንበት ዕለት 31 መጋቢት 2024 ክካየድ ምኻኑ ሓቢርናኩም ከም ዝነበርና ዝዝከር ኢዩ። ነዚ ኣመልኪትና'ውን እቲ ምዕባለታት ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ቢ/ጽ/ቅ/ሲኖዶስ ብዕለት 15 መጋቢት 2024 ዓምፈ ብዝወሰኖ ውሳኔ መሠረት፡ ብዘይካ ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡ ቦታ Amstelveenseweg 965, 1081 JG Amsterdam ካልእ ማሕበረ ምእመናን ብዘይግባእን ብህልኽ፡ ብስም ደ/ሰላም መ/ዓለም ከፊትካ ንምክያድ ክግበር ዝጸንሐ ኣካይዳ ክተርፍ ከም ዘለዎን፡ ኣብ'ዛ 21 ዓመታት ሓድነታ ሓልያ፡ ብግቡእ ኣገልግሎት ክተካይድ ዝጸንሐት ቅድስቲ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያንና፡ ኣብ ሓደ ክንከውንን፣ ተመዲቡ ዘሎ ክብረበዓልና ከኣ ብሓባር ከነብዕሎ ከም ዘለና ተወሲኑ ኢዩ። በዚ መሠረት'ውን ብጹዕ ኣቡነ ጳውሎስ፡ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ ነዚ ኩሉ ኣብ ምትግባሩን፡ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ከኣ ዕለት 31 መጋቢት 2024 ዓምፈ ኣብ ቤክርስትያንና ክካየድ ምኻኑ መዲቦምን ኣፍሊጦምናን ነይሮም። ኰይኑ ግን ሰበኻ ጉባኤን ኣባላት ቤተክርስትያንናን፡ ኣብ'ቲ መዓልቲ ምርጫ ተረኺቦም ክጽበዩ እንከለዉ፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ይኹን ቤ/ጽ/ሃ ስብከት ኤውሮጳን ግን ኣይመጹን። ስለ ዘኾነ ከኣ፡ እቲ ምርጫ ሓዱሽ ሰበኻ ጉባኤ ሕጂ'ውን ከም ዘይተኻየደ ክንሕብረኩም ንደሊ። ከም ዘይመጹ'ውን ስለዘየፍለጡና፡ ስለምንታይ እቲ ውሳኔ ናይ ቅ/ሲኖዶስ ኣይክበርን ኣሎ፧ ኢልና ብምሕታት'ውን ናብ ቅ/ሲኖዶስ ደብዳበ ልኢኽና ኣሎና።

ጥንተ ስቕለቱ ናይ መ/ዓለም ብስሙርና ብሰላም ኣኽቢርና፡ ብርሃነ ትንሣኤኡ ብሰላም ከነኽብር ናይ መ/ዓለም ሰናይ ፍቓዱ ይኹነልና።

Stichting The Eritrean Orthodox Church Tewahdo Medhanie Alem Amstelveen Amstelland

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland